# ብቓልስና ነዛ ጸላም ለይቲ
# ንቐይራ ናብ ድሙቕ መዓልቲ

ክቡራት ኤርትራውያን ኣሕዋት፣ ብቐዳምነት ሰላም ንኹላትኩም፣ ብምቕጻል እዛ ናይ ሎሚ መልእኽተይ፣ ብጽሞና ኣንቢብኩም ብግቡእ ክትርድኡለይ እሓትት፣ ካልእ ኩሉ ቃልስን ንኹልና ዝግደፍን ኢዩ፣ ብዘይካ ተሳትፎ ህዝቢ ድማ ዓወት ኣብቲ ዝድለ መዓልቦኡ ኣይበጽሕን ኢዩ፣ ኩልና ኰና ምስ እንታሓሓዞ ግን ብናይ ኣምላኽ ሓገዝ ከምቲ ኩልና እንደልዮ ከም ዝኸውን ክንኣምን ኣለና።

ንሕና ኤርትራውያን ክንዝንግዖ ዘይብልናን፣ ሓደ ከነትኩረሉ ዝግባእን ሓቂ ኣሎ፣ ንሱ ካኣ እቲ ኩሉ ብጽሑፍ ይኹን ብቓል፣ ህዝብና ንምህናጽ ብዝተፈላለዩ ግዱሳት ሃገራውያን፣ ዝውሃብ ምግለጽታትን፣ ናይ ሎሚ ኣካይዳና ንኽንግምግም ዘኽእል ናይ ሕሉፍ ጉዕዞና ታሪኽ ሓዘል ዝኾነ በብእዋኑ ዝዝርጋሕ ጽሑፋትን፣ ነቲ ብሓቂ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ዝሓስብ ዜጋ እሞ ካብ ዘለና ሃገራዊ ሽግርን ናይ መግዛእቲ ህግድፍ ሕሰም ዝመልኦ ሓሳረ መከራን፣ ክንገላገል ኣብ ዘካይዶ ቃልሲ ናብ ተግባራዊ ንምስጋር ክሕግዞ ዝኽእል፣ ገለ መምርሕታትን ሓሳባትን ክረክብ እንተኻኣለ ካብ ዝብል ዝነቐለ ኢዩ፣ ዘዘለካ ሓዊስካ ኢኻ ካኣ ኣብ ዓወት ትበጽሕ፣ ስለ'ዚ ዝኾነ ይኹን ጽሑፋት ድዩ መለጸታት፣ ቃልስና ኣብ ምዕራይን ናህሩ ኣብ ምውሳኽን ሓጋዚ ኢዩ እሞ፣ ብተገዳስነት ተኸታቲልና ክነንብቦ ይግባእ።
ካልእ ኣብ ልዕሊኡ ክንሓስቦ ዘለና እውን ኣሎ፣ ንሱ ካኣ ምስቲ ናይ'ዚ ዘሎ ሽግር ኣብ ምው ጋድ ከነጥርዮ ዘለና ናይ ቃልሲ ተኽእሎ ወይ ብልሓት፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ምድንጋራት ክንድሕ ነሉ ዘኽእል መገድታት ናይ ምጥባብ እውን ማዕረማዕሪኡ ክካየድ ዝግብኦ ኢዩ፣ እዚ ማለት ካኣ ሰብ ካብ ሰብ ወይ'ውን ኩሉ ተግባሩ ካብ ኣባሃህልኡ ስለ ዝፍለ ብትዕዝብቲ ቅኑዓት ሰባት ናይ ምልላይ ተግባር ኣብ ቃልሲ ኣዝዩ ኣድላይነት ኣለዎ፣ ስኣን ኣብ ጉዕዞ ዝሓለፈ ብረታዊ ቃልሲ ክምኡ ምግባር ኢዩ፣ ህዝብና ጌና ኣብ ሽግር ተዋሒጡ ዝነብር ዘሎ።
ምኽንያቱ ኩሎም ዓመጽቲ ተመራጺ ቃላት እናዘውተሩ ኢዮም ኣብ ስልጣን ዝድይቡ፣ ስለ'ዚ ብቐሊሉ ከተለልዮም ኣይካልን ኢዩ፣ ኣብታ ስልጣን ምስ ደየቡ ግን ፣ ከምቲ ኣብ ስልጣን ንምድያብ ጻዕሪ ከካይዱ ከለው ዝብልዎ ዝነበሩ ንህዝቢ ዝጠቅም ዘይኮነ መብዝሕትኡ ጊዜ ንኦኦምን ንመሰልቶምን፣ ዘርብሕ ጥራይ ክገብሩ ኢዮም ዝርኣዩ፣ ንኣብነት ኣብ ቃልሲ ዝብሃለና ዝነበረን ሕጂ ኣብ ሃገርና ዝፍጸምን፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎን ኣንጻር ትጽቢት ህዝቢ ዝኾነ ተግባራትን ምዕዛብ ጥራይ ኣኻሊ ኢዩ።
ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም እንተኾነ'ውን ኣሰራርሓ ናይ ኩሎም ፖሎቲካውያን ይበዝሕን ይውሕ ድን፣ እምበር ከምኡ ኢዩ ዝመስል፣ ኣብቲ ሕግታት ዘለዎ ሃገራት ግን ንኽትቃለሶ ዘኽእል ሃዋ ህው፣ ዘለዎ ስለ ዝኾነ ክትቃለሶ ትኽእል ኢኻ፣ ስለ'ዚ እታ ኤርትራውያን ክንርዳኣ እተድሊ ኢለ ዝሓስባ፣ እዚ ባህሪ ወይ ሕማም እዚን ካልእን ክትቈጻጸር ንምኽኣል ሕጋዊ ዝኾኑ ትካላት ምትካል እትኽእለሉ ኩነታት ምጥጣሕ፣ እቲ ዝበለጸን ሕማም ዘይብሉን ስርዓት ኣብ ምትካል ከብቅዓካ ዝኽእል ኣገባብ ኣቀላልሳን ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።
ዓለም ጌና ዘለዋ ሽግራት እናወገደት ኣብ ጥጡሕን ዓመጻ ዘይብሉ ስርዓት ኣብ ምትካልን ኢያ ትጓየ ዘላ ንሕና ድማ ነዘሎና ጸገም ኣሪምና ብኻልእ ዘገምታዊ ምዕባለ ክንበጽሖ ዘይኮነስ ኣብ ማዕሪኡ ዝስራዕ ብልሓት ኣናዲና ብምጽናሕ ኣብ ሓራ ኤርትራ ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ኣካያይዳ ይኹን ካልእ ምዕባለ ጥዑይ ኣንፈት ናይ ምትሓዝ ተኽእሎ ኣጥሪና ክንጸንሕ ኣለና፣ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ምስ ፍልጠቱን ልቦኒኡን ተወጺዑ ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኢዩ፣ ስለ'ዚ ብኩሉ ሸንኹ ጥጡሕ ዝኾነ መገድታት ቀሪብካሉ እንተጸኒሕካ ባዕሉ ብዙሕ ነገር ክፈጥር ዝኽእል ህዝቢ'ዩ።
ስለ'ዚ ንሕና ኤርትራውያን እዚ ኣገባብ ቀጠፍጠፍ ለኺፉዎም ኣብ ቀጠፍጠፍ ኣትዮም ህዝብን ሃገርን ዝልኽሙ ዘለው ኣልጊስና፣ ብኡኡ ብዘይተለኽፉ መራሕቲ ክንምራሕ ንደሊ እንተዳኣ ኰና፣ ኩሉ ጊዜ ብኣመራርሓ ሃገርን፣ ብናይ ንመራሕቲ ክንቈጻጸረሉ እንኽእል ኣገባባትን ሜላን ክንፈጥረሉ ብዛዕባ ዘኽእል ኣገባባት ክንዝትን ንትግባሬኡ ዝሕግዙ ሓሳባት ክንድህስስን ኣብ ተግባር ንምውዓሎም መጽናዕቲ ከነካይድን የድልን ይግባእን፣ ሕሱም መድረኽ ብዙሕ ብልሓት እንተ ዘይተማሂርካሉ፣ ከምቲ ታሪኽ ይድገም ኢዩ ዝብሃል ተመሊሱ ከይመጸካ ምጥንቃቕ ዘድልዮ ኢዩ።
ጉዳይ ሃገርና ንነዊሕ ጊዜ ግጉይ መኣዝን ሒዙ ዝጸንሔ ስለ ዝኾነ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ምጽና ዕቲ፣ ዘድልዮን ኢዩ፣ ዝኾነ ሕሰም ዝመልኦ መዋእል ይሓልፍ ኢዩ፣ እዚ ናይ ሕጂ'ውን ከምቲ በቦታትና ዝሓለፈ ግዝኣት ቱርክን ካልእ ዝተፈላለየ ሽግራት ዝነበሮ ዘበናትን እዚ'ውን ንቃለሶ ስለ ዘለና ክሓልፍ'ዩ፣ ክንጥምቶን ክንጽዕረሉን ዘለና ግን ኣብ መተካእትኡ ንዝመጽእ ስርዓት ንዳሕረዎት ወለዶ ዕጭኦም፣ ዕጫ ናይ ብሽግርን መከራን ዝሓለፉ ወለዶታት ኤርትራን፣ ዕጫ ንዘሎ ሕሰም ንሰግር ዘለና ኤርትራውያንን ከይከውን ንምድሓን ኣብ ዝብል ዘትኮረ ክኸውን ኣለዎ፣ እቶም

ብመስዋእቲ፣ ዝሓለፉ ጀጋኑ ምእንቲ መጻኢ ወለዶ ኢዮም ሓሊፎም ንሕና ድማ ኤርትራውያን ክሳዕ ኣብታ ኩልና ንትምነያ መድረኽ በጺሖም ኡፈየ ዝብሉ ሓደራና ንሳ ኢያ፣ ማለት ምእንቲ እቲ መጻኢ ወለዶ ኢና ንቃለስ ዘለና።
እንተዘየለ ዝሓለፉ ወለዶታት ኤርትራ፣ በርዑት ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዝእቲ፣ እናተሳቐዩ ሓሊፎም፣ ዳርጋ ሓደ ወለዶ ዝግምገም ካኣ ብመሪር ብረታዊ ቃልሲ ሓሊፉ፣ እዚ ወለዶ እዚ ካኣ ብሕጊ ኣልቦ ስርዓት ህግደፍ እናተቐጥቀጠ ልቡ ተሰዊሩን መዓልቦኡ ጠፊኡዎን ይርከብ፣ኣብ መጻኢ ካኣ ብኽልእ ናቱ መግለጺ ዝጽበ ወጻዒ ኣካል ክንድገም እንተዳኣ ኮይኑ ውጹእ ሓጥያትን ከምቲ በቦታትና ተድባብ ዝብሃልን ኢዩ።
ስለ'ዚ ካብ ከምዚ ዝበለ ተደጋጋሚን ንውሉድ ወለዶ ዝኸይድ ስቓይን ንምድሓን ኩልና ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ኢልና ዘለና ኤርትራውያን፣ ነቶም ኣብ ኩሉ መዋእል ፍትሒ ስኢኖም እህህ እናበሉ ዝሓለፉ ወለድናን፣ ብኽርተትን መስዋእትን ዝሓለፉ ናይ ቀረባ ጀጋኑናን፣ ዝሓለፍዎ ሂወት ኣብ ግምት ብምእታው ንዝመጽእ ዝጠቅም ስራሕ ሰሪሕና ነባሪ ሰላም ኣብ ሃገርና ዝመጸ ሉን፣ ብሩህ ተስፋ መንእሰያትና ዝርኣየሉን ኩነታት ንምፍጣር ብዘተን ዝተፈላለየ ሜላ ብምፍ ጣርን ምብልሓትን ንመጻኢ ዝጠመተ ጻዕሪ ከነካይድ ኣለና።
እዚ ንምትግባር ብብዝሒ ዝልለዩ ኣባላት ባይቶ ዘለውዎ ባይቶታት ኣብ ኩለን ክፍላተ ሃገራት ኤርትራ ብምቛምን፣ ብብዝሒ ኣባላት ዝልለ ባይቶ ማእከላይ መንግስቲ ኤርትራ ብምቛምን ጥራይ ኢዩ ክረጋገጽ ዝኽእልን፣ ካብ ብዙሕ ብጠርጠራ ዓይኒ ዝርኤ ሽግራት ኣልጊሱ ኣብ ሓደ ዘተኣማምን መንግስቲ ኣብ ምትካል ዘብቅዓናን ነባሪ ሰላም ኣብ ምምጻእ ክሕግዘና ዝኽእልን፣ ምኽንያቱ ብዙሓት ኩሎም ንኽፋእ ጥራይ ክዕጠቑ ኣይክእሉን ኢዮም፣ ቅኑዓት ምምራጽ ድማ ሓደ ካብ ከነካይዶን ኣብ መስርሕ ምርጫ ክንጥቀመሉ ዝግባኣናን፣ መስርሕ ናይ ሓደ ዲሞክራ ሲያዊ ስርዓት ኢዩ።
ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ እታ ካብ ኩሉ ክላበወኩም ዝደሊ ዝኾነ ይኹን ተቓላሳይ ዓቕሙን ለውጢ ናይ ምምጻእ ዘለዎ ተኽእሎን ድሩት ምዃኑ ክትፈልጡን መወሰኽታ ሓይሊ ኩሉ ጊዜ የድሊ ከም ዘሎን ክትፈልጡ ኢዩ፣ ቃልሲ ዝመርሕ ብዘይካ ስዓብቲ፣ ከም ሓደ ኢንጂነር ብጀካ ሸቃሎ ኢዩ፣ ተሳማሚዕካ ሓደ ብሕጊ ዝግዛእ ብስም ኩልኻ ዝንቀሳቐስ ኣካል ከይገበርካን ንዝወጸ ሕግን ዝመዘዝካዮ መሪሕነትን ተማእዚዝካ ብሓባር ጥርኑፍ ቃልሲ ከየካየድካን፣ ዓለም ክኣምነካ ን፣ ንእተካይዶ ቃልሲ ክኣምነልካን ኣይኽእልን ኢዩ፣ ስለ'ዚ ነዚ ብዝለዓለ ክንሓስበሉን፣ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎን ኣድላዪ ምዃኑ ክንርዳእን ንምትግባሩ ክንቀላጠፍን ኣለና፣ ውዓል ሕደር ዘየድልዮ ሽግር ከለና ህዝቢ ረሲዕና ብዘድልን ዘየድልን እንተተሳሓሓብና ዋጋ የብሉን።
እዚኣ ክንገብር ምስ ክኣልና ኢዩ፣ ሓርነታዊ ቃልስና ንቕድሚ ክስጉም ዝኽእል፣ ሃገራዊ ዋዕላ ይኹን ካልእ ብተሳትፎ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ተፈጺሙ ኣብ ቅድሚ ሕብረተ- ሰብ ዓለም ሓደ ንኤርትራ ክመርሕ ዝኽእል መጻንሒ መንግስቲ ኣብ ስደት ጌርካ ንዓዲ ምስ ትኣቱ መቃለሲ ባይታ ሒዝካ ማለት ኢዩ፣ ነቲ ክወርድ ዝኽእል ሽግር'ውን ብዝሓጸረ ኣብ መዓልቦ ከተብጽሖን ነባሪ ሰላም ኣብ ምምጻእ ክትዕወትን ትኽእል፣ ምኽንያቱ ህዝቢ ንዘለዎ ሽግር ኣብ ምውጋድ ክትሓባበር ምዃኑ ፍሉጥ ስለ ዝኾነ፣ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን